ማእኸል ሐወልቲ ሰማእታት ክልል ትግራይ ደጋፊ ከይዲ ስራሕ ፋይናንስን ምምሕዳርን ንማእኸልና ግልጋሎት ዝዉዕል ህንፃ መሳርሒ እምነ በረድ ብግልፂ ጨረታ ኣወዳዲሩ ክዕድግ ይደሊ

- ዝወፀሉ መዓልቲ: ሓሙስ ሕዳር 1, 2009 (ልዕሊ 10 ዓመታት)
- ዝዕፀወሉ መዓልቲ: ሕዳር 10, 2009 6:00 ደ/ሰዓት (ተዓፅዩ)
- ናይ ጨረታ መድሓዚ ዋጋ:3000
- ቦታ:መቐለ
- ናይ ደኩመንት ዋጋ:30
- ጨረታ ዝክፈተሉ መዓልቲን ሰዓትን: ሕዳር 10, 2009 6:00 ደ/ሰዓት
- መደብ: ህንፃ መሳርሒ/ ኮንስትራክሽን ጥረ ኣቁሑት/

ንካልኣይ ግዘ ዝወፀ

1 ናይ ቫት ተመዝጋቢ ምኺኖም መረዳእታ ዘቕርቡን ናይ ወርሒ ነሓሰ 2008 ዓ/ም ቫት ዲክለር ዝገበርሉ መረዳእታ ዘቕርቡን Monument

2 ንግዲ ስራሕ ፍቃድ ዘሐደሱን ምኺኖም መረዳእታ ዘቕርቡ

3 ብኤጀንሲ ልምዓት እቶት ናይ ግብሪ ከፈልቲ መለለይ ካርድ ቲን ዝተመዝገቡ ምኺኖም መረዳእታ ዘቅርቡን ኣብ መቕረባይ ዝርዝር ዝተመዝገቡ ምኺኖም መረዳእታ ዘቕርቡን

4 ተጫረቲ ናይ ጨረታ መክበሪ ብር 3000.00 /ሰለስተ ሽሕ/ ብባንኪ ዝተረጋገፀ CPO ብሽም ማእኸልና ከትሕዙ ዝክእሉ

5 ጨረታ ሰነድ ካብ ማእኸል ሃወልቲ ሰማእታት ክልል ትግራይ ቢሮ ቁፅሪ 07 ዘይምለስ ብር 30.00 /ሰላሳ ብር /ጥራሕ ከፊሎም እዚ ምልክታ ካብ ዝወፀሉ ዕለት 28/02/2009 ዓ/ም ክሳብ ዕለት 10/03/2009 ዓ/ም ሰዓት 3:00 ናይ ንጉሆ ኣብ ዘሎ ስራ ሰዓት ዓዲጎም ፋይናንሻል ነፀላን ጠቕላላ ዋጋን ምስ ቫቱ ሓዊሶም ብዝተዓሸገ ፖስታ ብምግባር ኦርጅናልን ኮፕን ነንበይኑ ብምዕሻግ ናይ ትካሎም ማህተም ብምግባር ናብ ዝተዳለወ ጨረታ ሳንደቅ ኣታዊ ይገብሩ

6 ጨረታ ሳንዱቅ ዝርከብሉ ቦታ ኣብ ማእኸል ሃወልቲ ሰማእታት ክልል ትግራይ ደጋፊ ከይዲ ስራሕ ምምሕዳርን ፋይናንስን ቢሮ ቁፅሪ 51 ይኸዉን

7 ጨረታ ምስ ተከፈተ ተጫረቲ ኣብ ዘቕብዎ ናይ መወዳደሪ ሓሳብ ለዉጢ ወይ ምምሕያሽ ምግባርን ካብ ጨረታ ነብስካ ምግላልን አይክእሉን

8 ጨረታ ዕለት 10/03/2009 ዓ/ም ሰዓት 3:30 ተዓሺጉ በቲ ዕለት 4:30 ቅድሚ ቀትሪ ኮይኑ ተወዳደርቲ ባዕሎም ወይ ሕጋዊ ወኪሎም አብዘለዉሉ ይክፈት

9 ተጫረቲ ኣብ ጨረታ ዝተቐመጡ ነጥብታት ግልፂ እንተዘይኮይንሎም መብርሂ ወይ መማሓየሺ ሕቶ ከቕርቡ ዝክእሉ ጨረታ ዝኽፈተሉን እዋን ቅድሚ ምብፅሑ ይኸዉን

10 እቲ ከይዲ ስራሕ ጨረታ ምስ ተከፈተ ከም ኣድላይነቱ ናይቱ ዝግዛእ መጠን ንብረት ክሳብ 20 % ክዉስክ ወይ ክቕንስ ይክእል
11 ጨረታ ዝሰዓረ ኣብ ጊዜ ውዕሊ ካብቲ ዝሰዓሮ ጠቕላላ ዋጋ 10 % ከትሕዝ ዝኽእል

© መሰሉ ብህጊ ዝተሓለወ እዩ። 2013 - 2026 Made with love in Mekelle

12 ዘሸነፍዎ ንብረት መቕረበቲ ብናይ ባዕሎም ናይ ትራንስፖት ወፃኢ ናብ ማእክል ሃወልቲ ሰማእታት ኣታዊ ክገገብሩ ዝኽእሉ

13 ማእኸልና እዚ ጨረታ ዘየዋፅእ እንተኾይኑ ብኽፋል ይኹን ብሙሉእ ናይ ምስራዝ መሰል አለዎ

ንተወሳኪ ሓበሬታ ብስቁ 0342400058 ደዊልኩም ምሕታት ትኽእሉ

© መሰሉ ብህጊ ዝተሓለወ እዩ። 2013 - 2026 Made with love in Mekelle